ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ኣብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ዝርከብ ህንፃ ብናይ ፅሬት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ዕድጊት ክንፍፅም ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 8, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ነሓሰ 23, 2016 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ነሓሰ 23, 2016 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬትን ኣገልግሎት/

ዕለት (Date) 08 /12 / 2016 ዓ/ም

ቑፅሪ (Ref.No) HZ ዕፋምም-ር/ንብ/ሓጉ- 17

ምልክታ ጨረታ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ኣብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ዝርከብ ህንፃ ብናይ ፅሬት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ዕድጊት ክንፍፅም ይደሊ። ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ እትደልዩ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት እተማልኡ ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ብምውሳድ ንኽትወዳደሩ ንዕድም ።

ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ፣ ናይ መቅረባይነት ሰርትፊኬት፣ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ቀረባ ወርሒ ቫት ሪፖርት ዘለዎምን ከቅርቡ ዝኽእሉን ።

2. መኸበሪ ጨረታ ብር 10,000.00(ዓሰርተ ሽሕ) ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ(cpo)ወይ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ብቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቀለ ስም ከትሕዙ ዝኽእሉ ።

3. ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፅኣሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምልስ 300(ሰለስተ ሚኢቲ ብር) ብምኽፋል ምውሳድ ይክእሉ ።

4. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም ሓደ ኦርጅናል ምስ ሓደ ቅዳሕ በበይኑ ብምዕሻግ ከቅርቡ ኣለዎም ።

5. ጨረታ ካብ ዕለት 08/12/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 23/12/2016 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ዝፀንሕ ኮይኑ በዚ ዕለት ሰዓት 4:00 ይኽፈት።

6. ጨረታ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈትና ክፍሊ ቁፅሪ 033 ይኽፈት ።

7. ተጫረቲ ኣብ ሕድሕድ ናይ ጨረታ ሰነድ ናይ ድርጅት ማህተምን ፌርማን ከዕርፍሉ ይግባእ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ኣብ ከይዲ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ከም ዝኾኑን ንቀፃሊ ውን ኣብ ናይ ዕደጋ መንግስቲ ከይሳተፉ ከምዝግበርን ካልኦት ኣድለይቲ ስጉምቲታት ምውሳድ ከምዝከኣል ክፈልጡ ይግባእ ።

9. ቤት ፅሕፈትና ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ 20% ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ ።

10. ዝሓሸ መማረፂ እንተተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

11. ኣድራሻና ኣብ ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ህንፃ ጥቃ እንዳ ማርያም ጉግሳ ቤተክርስትያን ንርከብ ።

12. ንዝበለፀ መብርሂ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ቀሪብካ ምሕታት ይከኣል ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle